
# ሕጊ ግዝኣት ኦሪገን ኣብ ጉዳይ ድሕንነት መቀመጢ ህጻናት

## መቕመጢ ድሕንነት ተሳፈርቲ ህጻናት ምርጫ ኣይኮነን፣ ሕጊ እዩ!

**ኩሎም ህጻናት፡ ኣብ ናይ ሞቶር ተሽከርከርቲ ክጓዓዙ እንከለዉ : ናይ ዓበይቲ መቕነት ብግቡእ ክሳዕ ዝቕነትዎ፡ ኣብ ዝግባእ መቕመጢ ህጻናት ክእሰሩ ኣለዎም።**

**ዝግባእ መቕመጢ ህጻናት ማለት፡ እቲ በቲ መስርሒ (ፋብሪካ) ዝተመኸረን ምስ ዓቕንን ክብደትን ናይቲ ህጻን ዝሰማማዕን እዩ።**

ውልደት 1 — 2 — 3 — 4 — 5 — 6 — 7 — 8 — 9 — 10 — 11 — 12+



ንነፍሲ ወከፍ ዓይነት መቕመጢ ዝምከር ወሰን ዕድመ፡ ነቲ ኣብ ምዕባለ፡ ዕቤት፡ ከምኡ'ውን ናይ ቁመትን ክብደትን ገደባት ናይ መቕመጢ ህጻናትን (car seats) ክብ ዘብል መቕመጢን (booster seats) ዘሎ ፍልልያት ኣብ ግምት ብምእታው ይፈላለ እዩ። ነቲ ኣገባብ ምትካል፡ ናይ ቁመትን ክብደትን ገደባት፡ ከምኡ'ውን ንትኽክለኛ ኣጠቓቕማ ናይቲ መቕመጢ ንምፍታሽ፡ ነቲ ናይ መምርሒ መጽሓፍ (manual) ናይቲ መቕመጢ ህጻናት ወይ ክብ ዘብል መቕመጢ ተጠቐሙ። ሓደ ህጻን ዕድሚኡ ሸሞንተ ዓመት ወይ ካብኡ ንታሕቲ ኮይኑ **ከምኡ'ውን** ቁመቱ ትሕቲ 4'9" እንተድኣ ኮይኑ፡ ሕጊ ኦሪገን መቕመጢ ህጻናት ምጥቃም ክትቅጽሉ የገድድ።

### ንድሕሪት ዝጥምት ወንበር መኪና(Car Seat)

ካብ ዝተወልዱሉ ግዜ ክሳዕ እንተወሓደ 2 ዓመት ንዘለዉ ህጻናት መምርሒ

ህጻን፡ ክሳዕ እንተወሓደ 2 ዓመት ዝመልአ ወይ ክሳዕ ነቲ ዝለዓለ ናይ ክብደት ወይ ቁመት ገደብ ናይቲ መቕመጢ ዝበጽሕ፡ ንድሕሪት ገጹ ብምጥማት ኣብ ድሕሪት መቕመጢ ኮይኑ ነቲ መቕነት (harness) ተጠቒሙ ይጓዓዝ። (ቐያየርቲ መቕመጢታት ንድሕሪትን ንቕድሚትን ክጠምቱ ይኽእሉ እዮም።)

ኣንፈት ኣቀማምጣ ንናይ ድሕሪት ዝጠመተ መቀነት

» መቕነቲ ቑልፊ ብመንኩብ ወይ ብትሕቲ መንኩብ መጽዩ ይሓልፍ

» ኣቀማምጣ መትሓዚ መቕነት **(clip)** ልኽዕ ኣብ ኣፍልቢ ኣብ መንጎ ትሽቱሽ ትቀውም

#### ኣተካክላ

**ንድሕሪት ዝጠመተ መቀመጢ መኪና፡ ወይ ብመቕነት እታ መኪና ወይ ድማ በቶም ታሕተዎት መትሓዝታት (lower anchors) ምስ መኪና ክተሓዝ ኣለዎ። ብግቡእ ዝተገጠመ ናይ ህጻን መቀመጢ መንበር፡ ካብ ጊድኒ ናብ ጎድኒ ከምኡውን ካብ ቕድሚት ንድሕሪትን ካብ ሓደ ኢንች ንላዕሊ ክንቀሳቐስ የብሉን።**

**ፈጺምካ ንድሕሪት ዝጠመተ መቀመጢ መኪና ኣብ ቅድሚ ዝሰርሕ ዘሎ ወይ ንጡፍ ናይ ኣየር ከረጺት (airbag) ኣይተቕምጥ።**

### ንቕድሚት ዝጥምት ወንበር መኪና(Car Seat)

ዕድመ **2** ዓመት ዝመልኡ እንተወሓደ ድማ ክሳብ **40** ፓውንድ ሚዛን ዝበጽሑ

ሓደ ህጻን ነቲ ንድሕሪት ዝጠመተ መቀመጢኡ ምስ ዝሓልፎ ወይ መቀመጢ ምስ ዝንእሶ፡ ክሳዕ እንተወሓደ **40** ፓውንድ ዝምዝን ወይ ክሳዕ ነቲ ዝለዓለ ናይ ቁመት ወይ ክብደት ገደብ ናይቲ ንቕድሚት ዝጠመተ መእሰሪ ዘለዎ መቀመጢኡ ዝበጽሕ፡ ኣብ ድሕሪት መቀመጢ ኮይኑ ኣብ ንቕድሚት ዝጠመተ መእሰሪ ዘለዎ መቀመጢ ተጠቂሙ ክጓዓዝ ኣለዎ። (ቐያየርቲ መቕመጢታት ንድሕሪትን ንቕድሚትን ምኣዝን/ገጽ ክጠምቱ ይኽእሉ እዮም። ዝተደባለቀ ክልትኣዊ መቕመጢታት ክንብል ከለና ሕውስዋስ ናይ ቕድሚት ኣንፈት ዝጠመተን መእሰሪ ዘለዎን ክከውን ከሎ ምስ ዓበዩ ውን ንቀጻሊ ኣብ ምዓላ ክውዕል ይክእል።)

ኣቃውማ ኣንፈት ንቅድሚ ገጹ ንዝጥምት መሐንገጢ

» መቕነቲ ቑልፊ ብመንኩብ ወይ ብትሕቲ መንኩብ መጽዩ ይሓልፍ.

» ኣቀማምጣ መትሓዚ መቐነት (clip) ልኽዕ ኣብ ኣፍልቢ ኣብ መንጎ ትሽቱሽ ትቀውም

#### ኣተካክላ

ንቕድሚት ዝጥምቱ ናይ መኪና ኮፍ መበሊታት ወይ ብናይ ተሽከርካሪት ናይ ድሕነት መቀነትን መእሰሪን (እንተሃለዩ ማለት እዩ) ወይ ድማ ብታሕተዋይ መልህቕን መእሰሪን ምስታ ተሽከርካሪት ክተሓሓዙ ኣለዎም

**ብግቡእ ዝተገጠመ ናይ ህጻን መቀመጢ መንበር፡ ካብ ጊድኒ ናብ ጎድኒ ከምኡውን ካብ ቕድሚት ንድሕሪትን ካብ ሓደ ኢንች ንላዕሊ ክንቀሳቐስ የብሉን።**

### መበረኪ ወንበር (Booster Seats)

ካብ **4** ዓመት ክሳብ እንተወሓደ **8** ዓመት

Iካብ 4 ዓመት ክሳብ እንተወሓደ 8 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት ድማ በቲ ትካል ሰራሒ መንበር ናይታ መኪና ዝተፈቕደ ገደብ ክብደትን፡ ቁመትን ክሳብ ዝበጽሑ፡ መቕነት ዘለዎ ናይ መኪና መንበር ተጠቒሞም ኣብቲ ናይ ድሕሪት መንበር ክጓዓዙ ይምከር

እቲ ህጻን ነቲ ንቕድሚት ዝጠመተ መቕነት ዘለዎ ናይ መኪና መንበሩ ምስ ዝዓበዮ ግና ኣብቲ ናይ ድሕሪት መንበር ናይታ መኪና እንዳተጓዓዘ ግን ክኣ ናብ መበረኪ ኩርሲ (booster seat) ክተሰጋግሮ ጊዜኡ ዝተልቦ መድረክ እዩ። **ዝተደባለቀ ክልትኣዊ መቕመጢታት ክንብል ከለና ሕውስዋስ ናይ ቕድሚት ኣንፈት ዝጠመተን፡ መእሰሪ ዘለዎን ክከውን ከሎ ምስ ዓበዩ ውን ንቀጻሊ ኣብ ምዓላ ክውዕል ይክእል።)**

ኣንፈት ኣቀዋውማ መቕነት ናይ መበረኪ መንበር

» እቲ ናይ መንኩብ መቕነት፡ ኣብ ልዕሊ ክሳድ ወይ ገጽ ዘይኮነስ፡ ኣብ ልዕሊ መንኩብን ኣፍ ልብን ብግቡእ ክዓርፍ ኣለዎ።

» እቲ ብወገን ሰለፍ ዝሓልፍ መቀነት/ቁልፊ ብልዕሊ ዝባን ምሓውራት ሰለፍካ ክሓልፍ ኣለዎ እምበር ብላዕለዋይ ክፋል ከብድካ ክኸውን የብሉን።

#### ኣተካክላ

መበረኪ መንበር፡ ነቲ ህጻን ንምቁጽጻር ነቲ ናይ መኪና መቕነት ይጥቀማ። ከምኡ'ውን ነቲ መቕነት ካብ ክሳድን፡ገጽን እቲ ህጻን ብምርሓቕን፡ ነቲ ህጻን ድማ ልዕል ብምባል እቲ ናይ ሕቑፊ መቕነት ካብ ከብዱ ርሒቑ ከምዝዓርፍ ንምግባርን ይሕግዛ።

### መቀነት ወንበር(Seat Belt)

ሸሞንተን ልዕሊኡ ንዘለዉ ዕድመ

እቲ ኣብ መኪናኻ ዝርከብ መቕነት ውሕስነት፡ ንዓበይቲ እምበር፡ ንህጻናት ዝተዳለወ ኣይኮነን። ምክንያቱ ህጻናት ብዝተፈላለየ መጠን ስለ ዝዓብዩ፡ ካብ 8 ክሳብ 12+ ልዕሊኡን ዓመት ንዘለዉ ዕድሚኦም መበረኪ መንበር ከድልዮም ይኽእል እዩ። እዚ ስለዝኮነ እምብኣር እዩ ሕጊ ኦሪገን፡ እቲ ናይ ዓበይቲ መቕነት ውሕስነት ብትኽክል ክዓርፍ ከም ዘለዎ ዘገድድ።

ልክዓዊ ኣተዓጣጥቃ መቀነት መኪና ክንብል ተኮይና፡-

» እቲ ብወገን ሰለፍ ዝሓልፍ መቀነት/ቁልፊ ብልዕሊ ዝባን ምሓውራት ሰለፍካ ክሓልፍ ኣለዎ እምበር ብላዕለዋይ ክፋል ከብድካ ክኸውን የብሉን።

» እቲ ናይ መንኩብ ቀልፊ/መቀነት፡ ኣብ ክሳድ ወይ ገጽ ዘይኮነስ፡ ኣብ ልዕሊ መንኩብን ኣፍ ልብን ጽቡቕ ገይሩ ክዓርፍ ኣለዎ

» ህጻናት፡ ሕቖኦም ኣብቲ ዳሕረዋይ መቕመጢ መኪና ክደገፉን፡ ብርኮም ድማ ኣብ ጫፍ እቲ መቕመጢ ብዘይ ጸገም ክጠዋወይልሉ ዝኽእሉ ደረጃ ቁመት ክበጽሑ ይግባእ

ኩሎም ዕድሚኦም ትሕቲ 13 ዓመት ዝኾኑ ህጻናት፡ ኣብቲ ድሕረዋይ መቕመጢ ብግቡእ ተኣሲሮም ክጓዓዙ ብጥብቂ ይምከር/የተሓሳስብ።

**ኣብ ቅድሚት ንዘሎ ኩርሲ,** እቲ መራሕ መኪናን ኩሎም ተሳፈርትን መቀነት መኪና ክዕጠቑ ግዴታኦም እዩ፣ ሓደ መቀነት/ቁልፊ ድማ ንሓደ ሰብ ጥራይ ተገልግል። መቀነት መኪና እንተዘይተዓጢቑም ግና እቲ መራሕ መኪና ይኩን እቲ ኣብ ቅድሚት ዝተቐመጠ ዕድሚኦ ድማ 16 ዓመትን ልዕሊኡን ንዝኾነ ተሳፋራይ፡ ንነፍሲ ወከፎም **ክሳብ 115 ዶላር ክቕጽዑ ይገብሮም።"**

**ነፍሲ ወከፍ ተሳፋሪ,** ኩሉ ተጓዓዚ፡ ዕድመኡ ወይ ዝተቐመጠሉ ቦታ ብዘየገድስ፡ ብመእሰሪ ድሕነት (safety restraint) ክእሰር ኣለዎ። ነፍሲ ወከፍ ትሕቲ 16 ዓመት ዝዕድሚኡ ተጓዓዚ፡ ድማ መቀነት ድሕነት (seat belt) ክዕጠቕ ወይ ድማ ንዕድሚኡ ዝምጥን ናይ ህጻናት መቀነት መእሰሪ ስርዓት (child safety restraint system) ክጥቀም ኣለዎ። ከምኡ ውን እቲ መራሕ መኪና፡ ነፍሲ ወከፍ ትሕቲ 16 ዓመት ዝዕድሚኡ ተጓዓዚ ነዚ ሕጊ ከም ዝኽተል ከረጋግጽ ግዴትኡ እዩ። እቲ መራሕ መኪና ነዚ እንተዘይፈጺሙ ግና 115 ዶላር መቕጻዕቲ ክኸፈል ይኽእል።

04/2021

ለበዋታት ድሕነት ተጓዓዝቲ ህጻናት፡ ኣመሪካዊ ኣካዳሚ ሕክምና ህጻናት፡ ምምሕዳር ድሕነት ትራፊክ ሃገራዊ ጽርግያ (NHTSA)፡ ከምኡ'ውን ማእከል ድሕነት ዶርንቤቸር OHSU። ካብ NHTSAን ማእከል ጸጋታት ሞሃውክ ቫሊ ስደተኛታትን ዝተቐየሰ/ዝርዓመ ግራፊክ ዲዛይን።